

## ባንደራይ፡

ባንደራይ ባንደራ ኤርትራ፡
ውቕብቲ ጉሩም ዝሕብራ፡
ተምበልብል ክንደይከ የምሕረላ።

ዓባይ ጽላል ከዳኒት ሃገር፡
ረዚን ቱርጉማ ብማንም ዘይድፈር፡
ርኢኻ ዘይጽገባ ተብለካ ሃረር።

ብሩህ ሕብርኺ ከም ቅናት ኣደይማርያም፡
ኣማዕዲኻ ዝርኤ ኣብ ብርሃን ይኹን ጸላም፡
ምልክት ቅሳነት ሓባሪት ሰላም።

መንዩ ክብለኪ ኣይኮንክን ኣሉ፡
ንኽብርኺ ክንደይ ሂወት እንድዩ ተኸፊሉ፡
ግዲ ኣይትግበርሎም ነዞም መናሽውቲ ዓዋሉ።

ጨርቂ ዝብሉኺ ክብርኺ ከቃልሉ፡
ምኽንኪ ሲሒቶም ወርቂ ሉል ኣልማዝ ኩሉ፡
ዝጠፈሸ ቁምነገር የብሉን ንሱ'ዩ ዕላሉ።

ድሕሪት ተወሊድኪ ምስ ቀዳሞት ተሰሪዕኪ፡
ዋላውን ኀበጥቲ ኣይከኣላን ከህስሳ ምስልኺ፡
ታርኽ ይደገም ድኣንበር የለን ዝዓግተኪ።

ንስኺ እንዲኺ መንነትና ኣብ ዓለም፡
ታሪኽኪ ጽሑፍ ብዱሙቕ ቀለም፡
ዝነብሔ ይንባሕ ክትነብሪ ኢኺ ንዘልኣለም።

ኣይናተይን ዝበለኪ ንፋስ ይቦቁጾ፡
ተምበርኪኹ ይለምን ኣብ ወያነ ማዕጾ፡
መሲሉዎ ይኸውን ዓጽሚ ዝጋሃጾ።

ቀሲኑ ኣይሕደር ንዓኺ ዘንደደ፡
ዱሉው'ዩ ዘሎ እቲ ሱሑል ጉራደ፡
ተሓቢኡ ዝነብር ኣይምሰሎ ኣብ ዝኸደ እንተኸደ።

ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና፡
ዓወት ንሓፋሽ።
ገብረንጉስ መስመር